## ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ

## ጸረ ሰላምዊ ሰልፊ ህግደፋውያን፡ ለበዋን መጠንቀቕታን

*“ኤርትራ ከም ላም ሓደ ጎንና ኣይሰብሕ። ሓደ ጎንና ኣይዓብር። እዛ ሃገር እንተ ጢዓ እንተ ሓሚማ: ንኹልና ሓንቲ’ያ ትብጽሓና። ሓደ ሓለፉ ዜግነት ዘለዎ የብልናን፡ ናይ ዜግነት ሚዛን-ወርቂ፡ ብጣቒዕት ወይ ውዳሰ ኣይኮነን። እቲ ጭዋ ዜግነት ሲ፡ በቲ ብዘይ ሌላን-ጉሌላን፡ ምእንቲ ፍትሒን፡ ሕግን፡ መሰልን ዝቃለስ ኤርትራዊ እዩ ዝቕይስ።” ብኣቶ ሰ. ተ. ሃ. (ዓውተ ኮም)*

ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ዕስራ ዓመት ስልጣኖም፡ ምስ ቁጽሪ ህዝብናን፡ ዓቕሚ ቁጠባናን ዝመጣጠን: ምስ ጆግራፊዊ ኣቀማምጣ ሃገርና ዝዛመድ ውጥን ክንዲ ዝኣምኑን ዝሕንጽጹን። ንናይ ሓደ ሰብ ሕልሚ ውልቕ መላኺ ኣቶ ኢሳይስ ክሰርሑ፡ ጉልበትናን ቁጠባናን ፖሎቲካናን ባህልናን ረሚሶሞ፡ ብግስ ከይበሉ፡ ምስ ከባቢናን ምስ ዓለምን ወተሃደራዊ ውድድር ክገብሩ። ናይ ወጻኢ ሸርፊ ክዘምቱ፡ ኣብ ዕንደራ ፖሎቲካ ተሸሚሞም ይርከቡ። ብስንኪ እዚ ንነዊሕ ግዜ ዝኸደ ወንጀሎም፡ ኸኣ ሃገርና ሎሚ ኣብ ዓጸቦ ኣላ። መንእሰይና ዘይውዳእ ባርነት ዕስክርና ስለ ዝደሃኾ፡ ቃፍላያት ሰደት፡ ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን፡ ህልቂት ኣብ ምደረበዳታት ሳሃራን ማእከላይ ባሕርን፡ ይገጥሞም ኣሎ። ነዚ ህልቂት መራሒ ህግደፍ፡ ኣብ’ቲ ድልየታቱ ጥራይ ዘሳሲ መደብ ቲቪ ኤረ ኡ፡ ንመንእሰይ እንተኾነ “ፓሳጆ እዮም ከይዶም ዘለዎ ክምለሱ እዮም” ንጠሚና ዝበለ ህዝብና ኸኣ “ጥሜት ኣይቖትልን ሸብዳዓዳ እንበር” ዓለም ብዓለማ “ጸረ ሰላም ኣይትገታተር  ንዝበልዎ ”ከደምቲ ኣሜሪካ” እናበለ ብባጫን ኣሸካዕላልን ወርሒ መመላእታ ሕልምታቱ፡ ብፈኸራን ብትዕቢትን መደርኡ ዘሰሚዔ፡

ድሕሪ እዚ መደረታቱ ድማ’ዩ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ህግደፋዊ “ምንቅስቓስ ንብረትን ገንዘብን ምስ ዓቀይቶቱ ዘደስክል  ሽመተን መሸጣ ኣጽዋርን ዝኸልክል” እገዳ ውሳኔ ዘወጽኡ፡ ብደዎም ዝለመሱ ሰዓብቲ መራሕቲ ህግደፍ። መንጠሊና ሕፍረት ተጎልቢቦም ክንሶም፡ ነዚ ናይ ሕቡራት መንግስታት ማዕቐብ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከም ዝወጽኤ ኣምሲሎም ንዓለም ብድሮና ሓሶት ክዕብሉኹ፡ ንሰላማዊ ሰልፊን ፐቲሽንን ይቀራረቡ ኣለው። ማዕቀብ፡ ብመራሕቲ ህግድፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከም ዝበዝሕን ከም ዝኸፍእን ኩሉ ወዲ ሃገር ዝርድኦ ኢዩ። እቶም ጠላማት፡ ግን ክሳብ መቓብሮም ዝኣትው ኣሉ እናበሉ ክቅጽሉ ኢዮም።

ብስንኪ እዚ ጭቆና ህግደፍ ክሳብ ክንደይ ሂወትን ንብረትን ከም ዝፈረሰ፡ ሃገርና ኣብ ከመይ ዝበለ ጸበባን ተነጽሎን ከም ዘላ ኣፍሪቓ ሕብረትን፡ ሕ.መ ሰብኣዊ መሰላትን ጸጥታን ቤት ጽሕፈታት. መሰኻኽር ኢዮም። ካብ1991ዓም ጀሚሩ፡ እገዳ ወይ ማዕቀብ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብጭልፋ ነቶም ገርህታት ንምዝኽኻር።

*ማዕቀብ፡ ብዝሓ ሰልፍታት ካብ ግዜ ነጻነት በዚ ምኽንያት ሃገራውያን ውድባት ኣብ ስደት ይነብራ ኣለዋ።*
*ማዕቀብ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ከይግበር፡ ንተጋደልቲ ንኣካለ ሱንኩላት ንተማህሮ ዩንቨርስቲ ወዘተ ውዘተ፡*
*ማዕቀብ፡ ህዝብና ኣብ እምነታቱ ብነጻ ከይጸልን እምነቱ ብነጻ ከይጥቐመሉን፡ መራሕቱ ብነጻ ከይመርጽን።*
*ማዕቀብ፡ ድኻ ሓረስታይ መሬቱ ብሰላም ሓሪሱ ከይበልዕን ከይውንን፡ ብዝደልዮ ኣገባብ ከይሸይጥን።*
*ማዕቀብ፡ ንመሰል ብሄራት፡ ኣብ ቋንቋኦም ባህሎምን መሬቶም ዝወርዶም ዘሎ ማዓት።*
*ማዕቀብ፡ ባዕሉ ንዝሓንጸጾ ቁዋም፡ ነዚ ዝምልከት ሕቶ ድማ  ድሕሪ 40…… ዝበሎ።*
*ማዕቀብ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ደሞዝን ሓዳር፡ ዕብየት፡ ነጻ ምንቕስቓስን ከይገብሩ።*
*ማዕቀብ፡ ንተማሃሮ ዩንቨርስትን ላዕለዋይ ደረጃን፡ ኣብ ትውልዲ ዓዶም ከይመሃሩን ከይዕንብቡን።*
*ማዕቀብ፡ ንነጋዶ፡ ማዓቀብ ንዶላር፡ ማዕቀብ ንመሃንድሳት፡ ማዕቀብ ንወነንቲ ኣባይቲ፡ ማዕቀብ ንረድኤት፡*
*ማዕቀብ፡ ንገብርቲ ሰናይ፡ ማዕቀብ ምስ ጎረባብቲ ብሰላም ከይንነግድ፡*
*ማዕቀብ    ንነጻ ሞያውያን ማሕበራት፡ ብነጻ ከይምስረታን ክይሰርሓን።*
*ማዕቀብ፡ ንጥሮታ ኣበል፡ ምዕቆብ፡ ትሕቲ 55 ዓመት ንወጻኢ ከይወጽኡ፡*
*ማዕቀብ፡ እሱራት ስድርኦም ከይርእዩ፡ ኣብ ፍትሓዊ ቤት ፍርዲ ከይቀርቡ።*
*ማዕቀብ፡ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ከይምለሱ፡ 40ሺሕ ኣብ ጸሓይ ሱዳን ቀራዕ ይብሉ ኣለው፡*
*ማዕቀብ፡ ንሓሳብካ ምግላጽ፡ ንውደባ፡ ንጽሑፍ፡ ንስራሕ፡ ንወፍሪ፡*
*ማዕቀብ፡ ሓረስታይ ሓንቲ ምሌሊኽ እኽሊ ከተማ ከየእቱ፡።*
*ማዕቀብ፡ ባኒ ባስታ ከይንበልዕ።*
*ማዕቀብ፡ ሕሙም ከይፍወስ፡ ትምህርቲ ከይዕንብብ ፡ ሙሁራት ንሃገሮም ከይሰርሑ፡*
*ማዕቀብ፡ ሬሳታትና ካብ ኮንጎ ከይምለስ፡ ንደቅና ከይንበክን ከይንሓዝንን።*
*ማዕቀብ፡ ንውሽጣውን ግዳምውን ጸገማትና ኮፍ ኢልና ከይንፈትሕ።*
*ማዕቀብ፡ ንብጹእ ወቕዱስ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ወንጌላዊ ስራሖም ብነጻ ከይሰርሑ።*
*ማዕቀብ፡ ንሕና ካልኣይ ዜጋ ኣብ ሃገርና ክነብር ፋሺሽቲ ኢሳያስ ጉጅሌኡን ክሕንብጡ።*

ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን፡ ብታሕትን ፡ ብላዕልን ረመጽ ኣብ ልዕሊ ህዝብና፡ ዝኮዖ፡ ወንጄል ወንዚፍኩም፡ ከም ስገን ርእሱኹም ኣብ ሑጻ ቀቢርኩም፡ ንስኹም ሓጺናዊ በትሪ ኢሳይስ ኣብ ሃገርና ክቅጽልን፡ ፋሺሽቲ ኣቶ ኢሳያስ ደገ ክዛወርን ክሕንብጥን ትጣበቑ ዘሎኹም፡ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ህግደፍ ትሸባሸቡ ዘሎኹም፡ ገዛ ገዛ እናዞርኩምን ኣብ መንገድን ባራትን ፐቲሽን ተፈርሙ ዘሎኹም ደው በሉ ኣብ ወንጄል ኢድኩም ኣይትሓውሱ ንብለኩም ኣሎና። ሰላምን ዲሞክራስን ኣብ ደገ ምርካብኩም ንኣምላኽ ኣመስግንዎ። ኣብ ሃገርና ከምኡ ሓሳብካ ምግላጽ ክህሉ፡ ምስ ውጹዕ ህዝብኹም ወግኑ ንሕና’ውን ነዚ ኢና ንቓለስ ዘሎና።

ሲቪካዊ ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ፡ ብስም ውጹዕ ህዝብና ካብ ቀረባን ሩሑቕን ንህግደፍን ፋሺሽታዊ ተግባራቶም ደጊፍኩም ንጀኔብ ክትመጹ ትሓስቡ ዘሎኹም ግዜኹም ኣይተባኽኑ ዝገደደ ድማ ንፋሺሽቲ ስርዓት ኢሳይስ ምድጋፍኩም ሕድሪ ሱውኣትና ከም ትጠልሙ ዘሎኹም ኣይትዘንግዑ። ንፈኸራን ንጃህራን ባዕሎም ዝእክብዎ ዘለው መዝገብ ጽባሕ ባዕሉ ኣብ ቅድሚ ፍትሒ ከምስክር ምዃኑ ንሕና’ውን ንህዝብና ክንከላኸል መሰልና ከም ዝኾነ ኣይትዘንግዑ። *ቓጽሪ ሰላም ደሞክራስን ይዓንብብ !*

*ሱውኣትና ብፍትሓዊ ተግባራትና ይዘከሩ !*
*ማ.ኤ.ሰ.ዲ.ስ.፡ ጨንፈራት ዙርክ፡ ንዩሻተል፡ በርን፡ ጀኔቭ*